Mr. Diijon DaCosta Sr.፡ ኣቦ-መንበር ቦርድ
Mrs. Deirdre P. Pierce፡ ምክትል ኣደ-መንበር
Mrs. Anna Hill
Mrs. Whitney McGinniss
Ms. Allyson Gevertz
Mrs. Vickie B. Turner
Dr. Joyce Morley

Dr. Devon Q. Horton፡ *ዋና-ኣማሓዳሪ*

13 ጥቅምቲ 2023

ዝኸበርኩም ስድራቤታት DeKalb County School District፡

ብሰንኪ ኣብ ማእከላይ ምብራቕ ዘጋጠመ እዋናዊ ኩነታት፡ ልዑል ዝኾነ ሻቕሎትን ስምዒትን ኣብ ዝተኸስተሉ፡ ሎም መዓልቲ እጽሕፈልኩም ኣለኹ። ኩልና ብጽልዋ ናይዚ ዘጋጠም ኣሰንባዲ ግፍዒ ዝተጸለና ኢና፣ ስለዚ፡ ኣብዚ በዳሂ እዋን፡ ኣገዳስነት ሕብረትን ጥንቁቕነን ንምርግጋጽን ኣተኩሮ ንምሃብን ንኹሉ'ቲ ኣብ ስድራቤት ቤት ትምህርቲ ኣውራጃ ዝርከብ ሰብ ኪበጽሕ ተስፋ ኣሎኒ።

ውሕስነትን ድሕነትን ኩሎም ተማሃሮና፡ ሰራሕተኛታትና፡ ስድራቤታትናን ኮምን፡ ኣብ ኩሉ ቤት ትምህርቲ፡ ማእከልን ንብረትን DeKalb County School District (*DCSD*) ኪሕሎ ልዕሊ ኩሉ እዩ። ኣብ መወዳእታ ድማ ክሳዕ'ዛ ዕለት'ዚኣ፡ ምስዚ ኣብ ወጻኢ ሃገር ዘጋጠመ ኣሰንባዲ ፍጻሜታት ዝተኣሳሰር ፍሉይ ስግኣታት ወይ ተግባራት ዓመጽ ኣብ ኣብያተ-ትምህርትና ከምዘየጋጠመ ጸቒጠ እሕብር።

ዝኾነ ኮይኑ ግን ተወሳኺ ናይ ድሕነት ስጉምታት ወሲድና ኣሎና። ኣብ DCSD ዘለዉና መኮንናት ፖሊስ፡ ጸጥታ ካምፓስ፡ ኣማሓደርቲ ቤት ትምህርትን ሰራሕተኛታትን፡ ምስዚ ፍጻሜታት ዝተኣሳሰር ከጋጥም ተኽእሎ ንዘሎዎ ዝኾነ ስግኣታት ወይ ኣካላዊ ታዕታዕ ኣለልዮም ንኺፈልጡን ንኺምርምሩን ብፍሉይ ንቑሓት ንኺኾኑ መምርሒ ተዋሂብዎም ኣሎ።

ሕጂ'ውን፡ እዚ ነገር'ዚ ናይ ሓባር ጻዕሪ የድልዮ እዩ። ድሕነት ንበይኑ ከምዚሕሎ ክንገብር ዘይንኽእል ስለዝኾንና፡ ኩሎም መንእሰያት ይኹኑ ዓበይቲ ኣባላት ኮም፡ "*ብዛዕባ ዝርኣኻዮ፡ ተዛረብ*" ኣብ ዚብል ወፍሪ ብንጥፈት ንኺሳተፉ ነተባብዖም። ንስኹም ወይ ውላድኩም፡ ኣብ ውሽጢ ወይ ከባቢ ኣብያተ-ትምህርታትና- ኣብ ከባቢና'ውን ከይተረፈ- ዘይውሑስ ኩነታት ከምዘሎ ኣብ ዝመስከርክሙሉ ወይ ኣብ ዝጠርጠርክሙሉ እዋን፡ ንሰራሕተኛታትና ቀልጢፍኩም ክትሕብሩ ንላበወኩም። ኣብዚ ዝግበር ንጥፈታት ዝህልወኩም ተሳተፎ፡ ነቲ እነካይዶ ዕዉት ዝኾነ ሓፈሻዊ ስትራተጂ ድሕነት ኣገዳሲ እዩ።

ኣብ መንጎ ኣብያተ-ትምህርትን ስድራቤታትን፡ ክፉት ዝኾነ መስመራት ርክብ ብቐጻሊ ኪግበር ኣገዳሲ'ዩ ኢልና ንኣምን። ዝኾነ ሕቶታት ወይ ጸገማት እንተልይኩም ወይ ተወሳኺ ሓበሬታ ዘድልየኩም እንተኾይኑ፡ ብኽብረትኩም ምስ ኣማሓደርቲ ቤት ትምህርቲ ክትራኸቡ ዝኾነ ስክፍታ ኣይሃልኹም።

ኣብዚ ዘይርጉእ ኩነታት፡ ነቲ ዚለዓለን ዚተቐደሰን ቀዳምነትና ዝኾነ ድሕነትን ውሕስነትን ተማሃሮና፡ ሰራሕተኛታትና፡ ስድራቤታትናን መሻርኽቲ ኮምናን ንምሕላው፡ ሓቢርናን ጸኒዕናን ደው ንበል። ስለቲ ብቐጻሊ እትህብዎ ዘለኹም ደገፍን ዘለኩም ርድኢትን ነመስግነኩም። ኣብያተ-ትምህርትና፡ ንትምህርቲ፡ ምዕባለን ዕብየትን ውሑስ ቦታታት ብቐጻሊ ንኽኾና፡ ዝከኣለና ኩሉ ክንገብር ኢና።

ብኣዝዩ ኣኽብሮት፡

Dr. Devon Q. Horton፡ *ዋና-ኣማሓዳሪ*
DeKalb County School District